# ደምዳሚ ኣዋጅ ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ

ካብ ዕለት 4 ግንቦት ክሳብ 6 ግንቦት ዝተኻየደ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ተዛዚሙ። ኣብ መኽፈቲ ኣኼባ ኣቶ መስፍን ሓጎስ ኣቦ መንበር ሰደኤ: ናይ ዝሓለፈ ሽመንተ ኣዋርሕ ስራሕ ጸብጻብ ኣቕሪቡ። ውድባዊ: ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን መዳያት ዘጠቓለለ ከኣ ነይሩ።

ማእከላይ ባይቶ ንጸበጻብ ኣቦ መንበር ድሕሪ ምስማዕ ሓያልን ድኹምን ጎድንታት ስራሕ ሰልፊ ድሕሪ ምግምጋም ነቲ ጸብጻብ ኣጽዲቑ ሓድሽ መምርሒ ስራሕ ሓንጺጹ። ብተወሳኺ ውሽጣዊ ምዕባሌታት ሰልፊ መርሚሩ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

ማእከላይ ባይቶ ንውሽጣዊ ኩነታት ሃገርና ፖለቲካዊ: ማሕበራውን ቁጠባውን ሕሱም ህወይት ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ምግምጋም ኣሽሓት መንእሰያት ብሰንኪ ጩካን ኣተሓሕዛ ህግደፍ: ንጎረባብቲ ሃገራት ይስደዱ ምህላዎም ተገንዚቡ: ጠንቂ ናይዚ ስርዓት ህግደፍ ምኻኑ ኮኒኑ። ምስዚ ኣተሓሒዙ ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ንዕምሪ ስርዓት ህግድፍ ንምሕጻርን: ስቅያት ህዝብና ከብቅዕ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራዊያን: ናይ ሓባር መደብ ኣውጺኡ: ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ጎድኒ ዲሞክራስያዊ ቃልሱ ጠጠው ክብላ ዘኽእልን ዝዕድምን ሜላ ክሕንጽጻ ተማሕጺኑ።

ብተወሳኺ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ውሽጢ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተራእየ ኣሉታዊ ምዕባልን ሳዕቤናቱን ድሕሪ ምጽናዕ: ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ፍልልያት ኣጽቢብካ ኣብ ዝተሓተ መደብ ንምስምማዕ ይምሕጸን።

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ስልጣኑ ንኽየንውሕ ዕምሩ ንምሕጻር ሰደኤ: ኣብ መንጎ ተቓውሞ ደምበ ዝርአ ፍልልያት ንምእላይ ኩሉ ዓቕሙ ከበርክት ድለውነቱ ኣረጋጊጹ። ማእከላይ ባይቶ ንሓደገኛ ምዕባለታት ዞባና ተገንዚቡ: ስርዓት ህግደፍ ዝጽሕትሮ ዘሎ ሓደግኛ ጉዕዞ ኮኒኑ።
ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ: ኣቐዲሙ ንዝተጠቕሰ ኩነታት ስደተኛታት ብሓፈሻ: ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ኤርትራ ዝምከሩዎ ዘለዉ ጸበባ ርእዩ: ማሕበረ ሰብ ዓለም ንሽግራቶም ንምፍታሕ ኣቓልቦ ክገብር ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ኣብ መወዳእታ: ማእከላይ ባይቶ ሰደኤ ዳግመ ምርጫ ፈጻሚት ሽማገለ ኣካይዱ ኣኼባኡ ዛዚሙ።

**ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ**

**ግንቦት 6/2007**

**ፍራንክፈርት/ ጀርማን**